TIGRINYA

**ንቅድመ-መዋዕለ ህጻናት ዘድሊ ሰነዳት**

**መመልከቲኹም ኣብ ዕጫ ንኽኣቱ፡ ብቐጥታ ኣብ ኢንተርነት ኣብ ዝካየድ መስርሕ መመልከቲ ክጽዓን ዘድሊ ሰነዳት።**

1. **መረጋገጺ ወሊድ** ውላድኩም፡ ዕለት 1 መስከረም 2022 ወይ ቅድሚኡ፡ ኣርባዕተ ዓመት ዚግበረ ኪኾውን ይግባእ።
    - እተመስከረሉ ኦሪጂናል ምስክር ወረቐት ልደት፣ ኣብ ግዜ ወሊድ እተዋህበ ወረቐት ሆስፒታል፣ መንበሪ ፍቓድ፣ ሮዛ ካርድ ወይ ፈደራላዊ ካርድ I-94፣ ወይ ፓስፖርት ቆልዓ (ቅዳሓት ናይዚ ሰነዳት'ዚ ግን ተቐባልነት የብሉን)
2. **መረጋገጺ ሕጋዊ መጉዚትነት** (ዝምልከት እንተኾይኑ)
    - ስምኩም፡ ኣብ ወረቐት ልደት ውላድኩም ምስዘይህሉ ጥራይ የድሊ።
3. **መረጋገጺ ወረቐት መንነት ወላዲ/መጉዚት**
    - ከም መምርሒ ፍቓድ ተሽከርከርቲ ጆርጅያ ወይ ብቑዕ ፓስፖርት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ዝኣመሰለ ብኽፍለ-ሃገር ወይ መንግስቲ እተዋህበ ስእሊ ዘለዎ ወረቐት መንነት
4. **መረጋገጺ ፍቓድ መንበሪ ጆርጅያ ናይ ወላዲ/መጉዚት***
    - ብስምኩም እተገብረ ስምምዕ ለቓሕ ገዛ (ሞርጌጅ) ወይ ክራይ ወይ ብስምኩም እተዳለወ ናይ ኤለትሪክ፡ ጋዝ ወይ ማይ መኽፈሊ ውዕል፣ መኽፈሊ ኬብል ተለቪዥንን ተሌፎንን ቅቡል ኣይኮነን

*ምስ ካልእ ሰብ ትቕመጡ እንተልይኹም፡ እሞ ኸኣ ብስምኩም እተገብረ መኽፈሊ ውዕል ክራይ፡ ሞርጌጅ ወይ ኣገልግሎት ማይን ኤለትሪክን ምስዘይህልወኩም፡ ነዚ ዝስዕብ ከተረክቡ ይግባእ፥ እተፈረመን ብትካል ኖታሪ እተመስከረሉን ፍቓድ መንበሪ **ከምኡውን** ብስም ናይቲ ምስኡ እትቕመጥሉ ዘለኹም ሰብ እተገብረ ውዕል ክራይ/ሞርጌጅ ወይ መኽፈሊ ኣገልግሎት ማይን ኤለትሪክን **ከምኡውን** ምስቲ ፍቓድ መንበሪ ዝሰማማዕ ኣድራሻ ዘርኢ ስም መጉዚት ቆልዓ ዘለዎ ኣድራሻ ደብዳቤ።

**ስም ውላድኩም ከምእተመርጸ ናይ ኤለትሮኒካዊ ሓበሬታ ምስተቐበልኩም፡ ነቲ ዝረኸብክሙዎ ቦታ ብኦንላይን ክትቅበልዎን ነዚ ዝስዕብ ሰነዳት (#5-#8) ድማ ኣብ እዋን ምዝገባ፡ ማለት 11-29 ሚያዝያ 2022 ክትጽዕኑ ይግባእ።**

5. **ናይ ውላድ ኦሪጂናል ካርድ ማሕበራዊ ውሕስነት (ሶሽያል ሰኩሪቲ) ወይ "መንሓፌ ወረቐት (ወይቨር)"**
    - ምሕረት ክፍሊት ክውሃብ ዘድሊ እንተኾይኑ፡ ኣብ ግዜ ምዝገባ ንዓኹም ክውሃብ እዩ።
6. **ካርድ ፒችካርድ ቆልዓ (Child's Peachcare card)፡ ካርድ መዲከይድ (Medicaid card)፡ ካርድ መድሕን ጥዕና፡** ካርድ **EBT** (**ረድኤት ምግቢ (ፉድ ስታምፕ)) ከምኡውን/ወይ TANF** (ዝምልከት እንተኾይኑ)
7. **ምስክር-ወረቐት ክታበት** (3231)
8. **ወረቐት ምስክር ምርኣይ፡ ምስማዕ፡ ማኣዛዊ ምግብን መርመራ ስንን** (3300)

***ምደባ ቦታ ቅድመ-መዋዕለ ህጻናት፡ ኣብ ተቐባልነት/ብቕዓት ኣድለይቲ ሰነዳት እተሞርኮሰ እዩ።***